ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ
THE GOVERNMENT OF THE NATIONAL STATE OF TIGRAY SUPREME COURT

ዕለት፡ 22/09/2016 ዓ/ም
Date:
ቑፅሪ: 01/ሰ/ሰ/431/16
Ref.No:

ናብ ኩለን ማእኸላይን ምድብ መጋባእያታትን ኣብያተ ፍርዲ ትግራይ

ኣብ ዘለወአ

ናይ_________________________ምድብ መጋባእያ ብፅሒት

ዋኒኑ ፦ ብዛዕባ ብመጋባእያ ሰበር ላ/ቤት ፍርዲ ዝተወሃበ መገደዳይ ትርጉም ሕጊ ምልኣኽ ይምልከት

መጋባእያ ሰበር ክልል ትግራይ ብኣዋጅ ቁፅሪ 332/2012 ዓንቀፅ 20 (1, 2) ን ብዝተዋህበ ስልጣን መሰረት መገደዳይ ትርጉም ሕጊ ከም ዝህብ ዝፍለጥ እዩ፡፡ በዚ መሰረት ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ሰበር መጋባእያ ኣብ መ/ቑ. 01/2016-1433 ዝሃቦ መገደዳይ ትርጉም ሕጊ ምስ እዚ መሰነይታ 13 ገፅ ዝተልኣኽልኩም ምዃኑ ፈሊጥኩም ኣብ ትሕቲኹም ንዝርከባ መጋባእያታት ወረዳ ኣብያተ ፍርዲ እውን ፎቶ ኮፒ እናገበርኩም ንኽትልእኩለን የተሓሳስብ፡፡

// ምስ ሰላምታ //

ዶ/ር ፀጋይ ብርሃነ ገ/ተኽለ
ፕሬዚደንት
Tsegai Berhane Ghebretekle (PhD)
President

ቅዳሕ፦

✓ ንመጋባእያታት ላ/ቤትፍርዲ

መቐለ

☎ 411201
411204
406043
404902
✉ 328
ፋክስ 0344-404301
መቐለ
MEKELLE
ትግራይ
TIGRAY
Email: TSCpresidentoffice@gmail.com
TSCcourtmanager@gmail.com

ሰ/መ/ቑ፣-20161433

ዕለት፣-17/08/2016 ዓ/ም

ዳያኑ፣-

- ዶ/ር ፀጋይ ብርሃነ
- ም/ፕ ገ/እግዚ የዕብዮ
- በየነ ወ/ስላሴ
- አረፉ ገ/ዮሱስ
- ሙሉጌታ ኪዳነ
- ልእልቲ ገ/ትንሳኤ
- ሃይለ ታደሰ

መመልከቲ፣- ኢትዮ ቴሌኮም ጠበቓ ኣይተ ኣስፋዉ ብርሃኑ -ቀሪቦም

ተፀዋዕቲ፣-1/ ኣይተ ብርሃነ ብስራት

2/ኣይተ ፋሲል ገ/ሄር

3/ኣይተ መድሃንየ ደበበ

ጠበቓታት፣-1/ ኣይተ ያሬድ ተካ

2/ኣይተ ተስፋኣለም ጎሊ

መዝገብ ተመርሚሩ ዝስዕብ ፍርዲ ተዋሂቡ ኣሎ ፡፡

<u>ፍ ር ዲ</u>

እዚ ጉዳይ መስርሕን ሰራሕተኛን ክትዕ ዝምልከት ኮይኑ ሰር ተከሳሲ ናይ ሐዚ መመልከቲ ትካል ኮይኑ ሰር ከሰስቲ ድማ ናይ ሐዚ ተፀዋዕቲ እንትኾኑ ብዝተኻየደ ክትዕ መሰረት ብር 2,277,777.29 መመልከቲ ንክኸፈል ከተማ መቐለ ቀዳማይ

ወያነ ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣብ መ/ቁ 18485 ብዕለት 21/05/16 ዓ/ም ዝሃቦ ዉሳነን ብይግባኣኒ ዝቐረበሉ ናይ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣብ መ/ቑ፡- 03/2016/1270 ብዕለት 07/06/16 ዓ/ም ዝሃቦ ትእዛዝን ብምቅዋም መመልከቲ ብዕለት 07/06/16 ዓ/ም ብጠበቓኡ ኣቢሉ ዝተፅሓፈ ጥርዓን ናብ ሰበር ምዕራይ ላዕለዋይ ቤት ፍርድን መሰረታዊ ዝኾነ ናይ ሕጊ ስሕተት ስለዝተፈፀመሉ ንክእረመሉ ዝቐረበ እዩ፡፡

ጉዳዩ ብፈለማይ ብርኪ ዝተጀመረ ኣብ ከተማ መቐለ ቀዳማይ ወያነ ወረዳ ቤት ፍርዲ እንትኸውን ስር ከሰስቲ ናይ ሐዚ ተፀዋዕቲ ኣብ ልዕሊ ስር ተኸሳሲ ናይ ሐዚ መመልከቲ ዝቐረበሉ ሓፂር ትሕዝትኡ 1ይ ተፀዋዒ ምስ መመልከቲ ብዘለኒ ናይ መስርሕን ሰራሕተኛን ርክብ ካብ 14 ሓምለ 2013 ዓ/ም ክሳብ ሐዚ ኣብ ስራሕ መደበይ ዝተዉሃበኒ ናይ ስራሕ ግቡእ እንዳፈፀምኩ ዝመፃእኩ ኮይነ ካብ ወርሒ የካቲት ፍርቂ 2015 ዓ/ም መሃያን ጥቅማጥቅምን እንዳተኸፈለኒ ዝርከብ ኮይኑ ሰሪሐ ዘይተኸፈለኒ ካብ 14 ሓምለ 2013 ዓ/ም ክሳብ 13 ታሕሳስ 2015 ዓ/ም ናይ 17 ኣዋርሕ ዉዝፍ መሃያን ጥቅማጥቅምን ካብ ሓምለ 7/2014 ንሕድሕድ ሰራሕተኛ ኣብ ነባር መሃያ ዝተገበረ 25% ወሰኽ መሃያን ናይ 2014 ንሕድሕድ ሰራሕተኛ ንክኽፈሎ ዝተወሰነ ናይ 2ተ ወርሒ መሃያ ቦነስን ናይ ቆላ ኣበል ወሰኽን ናይ ሲፐርቫይዘር ኣበል ክፍሊት ናይ መጓዓዝያ ኣበል ክፍሊት ናይ 17 ኣዋርሕን ናይ ገዛ ክራይ ናይ 17 ኣዋርሕ ውዝፍ ናይ ሱፐርቫይዘር ኣበል ክፍሊት ናይ 17 ኣዋርሕ ጠቅላላ ፀብፂቦም ብር 1,065,576.4 ንክኸፈሎምን ናይ 2014 ዓ/ምን 2015 ዓ/ም ናይ ዓመት ዕረፍቲ ንክወሃቦምን ናይ ጠበቓ ኣበልን ካልኦት ወፃእታትን ንክኸፈሎም ናይዘ ሓቲቶም እዮም ፡፡ ብ2ይ ስር ከሳሲ ዝቐረበ ስለ ሓፂር ትሕዝትኡ ተመሳሲሊ ከም 1ይ ስር ከሳሲ ኮይኑ ዝሓተትዎ መጠን ገንዘብ ጠቅላላ ብር 544,933 ምስ ናይ ጠበቓ ኣበል ተሓዊሱ ካልኦት ወፃኢታት ተወሲኹ ንክኸፈሎም ዝሓተትዎ ዓይነት ብር 667,261.81 ምስ ናይ ጠበቓ ኣበልን ካልኦት ወፃእታትን ሓዊሱ ንክኸፈሎም ሓቲቶም እዮም ፡፡

ሰ/ተ/ቅ/ገነት
ዕለት፡-29/08/2016 ዓ/ም

መመልከቲ ንዝቐረበሉ ስለ ዝተወሃበ መልሲ ብፊላማይ ወረዳ ናይ ቀዳማይ ብርኪ መቃወሚ ዝሓዘ ኮይኑ ንሱውን ኣብ መስርሕን ሰራሕተኛን ሕጊ ዓንቀፅ 163/3/ ሰራሕተኛ ዘቕርቦ ናይ መሃያን ትርፊ ሰዓትን ካልኦትን ክፍሊታት ሕቶ ምሕታት ካብ ዝግበኦ ግዜ ጀሚሩ ክሳብ 6ተ ወርሒ እንተዘይኣቕሪቡ ብይርጋ ከም ዝእገድን ፌደራል ሰበር ኣብ ቅፅ 6 ሰ/መ/ቑ 31217 ወሰኽ መሃያን ቦነስን ኣብ 6ተ ወርሒ ውሽጢ እንተዘይቀረቡ መሰሉ ብይርጋ ከም ዝእገድ ትርጉም ስለዝተዉሃበሉ ከሰስቲ ሕቶ ምሕታት ካብ ዝግበኦም ግዜ 6ተ ኣዋርሕ ዘሓለፎ ስለዝኾነ ዝቐረበሉ ውድቑ ንክኾነሎም ኣብ ዋና ጉዳይ ድማ ዝቐረበ መልሲ ሓፂር ትሕዝትኡ ኣብ ሰሜን ተፈጢሩ ዝነበረ ኩናት መስረሓይ ንሰራሕተኛታት ስራሕ ዘይምሃቡ ሰራሕተኛታትውን ስራሕ ከምዘይሰርሑ ግልፂ ኮይኑ እንዳሃለወ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ብዝኾነ ምኽንያታትን ንዘይተሰርሐ ስራሕ ናይ 17 ኣዋርሕ መሃያ ይኸፈለና ብምባል ዝቐረበ ስስ ሕጊ መሰረት ዝገበረ ስለዘይኮነ ውድቑ ይኹነልና ፧- ኣብ 2014 ዓ/ም ዝተገበረ ወሰኽ መሃያን ወሰኽን ቦነስን ዝምልከት ወሰኽ መሃያ ሰራሕተኛታት ነቲ ትካል ዘበርከትዎ ኣብ ግምት ብምእታው ንቕድሚት መፍረያነቶም ንዘውሕስ እዩ፡፡ ብምኽንያት ኩናት ዝተሰርሐ ስራሕ ንመስረሓይ መኽሰባይ ውፅኢት ኣብ ዝረከበሉ ኣብ ስራሕ ዝነበረን ኣበርክቶ ዘለዎን መገደዳይ ትርጉም ሂቡ እዩ፡፡ ከሰስቲ ኣብቲ ትካል መክሰባይ ኣበርክቶ ኣብዘይነበሮም እዋንን ኣብ ስራሕ ኣብዘይነበርሉ ክፍሊት ቦነስ ዘቕረብዎ ሕቶ ውድቂ ንክኸውን መልሲ ቀሪቢሉ፡፡ ስር ቤት ፍርዲ ድማ እቲ ብተኸሳሲ ትካል ዝቐረበ ናይ ቀዳማይ ብርኪ መቓወሚ ከሰስቲ ሓሳብ ክህብሉ ምስተገበረ ንላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ብዕለት፧-30/09/15 ዓ/ም ብዘውፅኦ ምምሕዳራዊ ትእዛዝ ቑፅሪ፧-5/2015 ካብ ሕዳር 2013 ክሳብ ግንቦት 30/15 ዓ/ም ጉዳይ መስርሕን ሰራሕተኛን ጠጠው ኢሎም ንክፀንሑን ካብ ዕለት 01/10/15 ዓ/ም ንክረኣይ መምርሒ ተዋሂቡ እዩ ፡፡ ብከሰስቲ ዝቐረበ ክሲ ብዕለት 14/11/15 ዓ/ም ስለዝኮነ ብመሰረት ኣዋጅ ቑፅሪ፧-1156/1/ ዓንቐፅ 163 ን 164ን ምምሕዳራዊ ትእዛዝ ቁፅሪ 5/2015 6ተ ወርሒ ይርጋ ዘመን ኣይሓለፎን ብምባል ውድቑ ዝተገበረ ኮይኑ ኣብ ዋና ጉዳይ ኣካቲዑ ጭብጢ'ውን

ነፂሩ ምስ ስራሕ ናይ የማን ፀጋም ተኻታዕቲ ድሕሪ ምስማዕ ከሰስቲ ስረሖም ብዝግባእ ይሰርሑ ምንባሮም ስለዝተረጋፀ ውዝፍ መሃያ ክኸፈሎም ኣብ ወሰኽ መሃያን ቦነስን ጥቕማጥቕምን ድማ ዝቐረበ ናይ ሰነድ መረዳእታ ናይ ወሰኽን ቦነስ ክፍሊታትን ንኩሉ ሰራሕተኛ ክኸፈል ከምዝግባእ ዘርኢ. ስለዝኾነን ኣብ 769 ሰ/መ/ቁ 47875 መገደዳይ ናይ ሕጊ ትርጉም ዝተዋሃበሉ ስለዝኾነ ከሰስቲ ዝሓተትዎ ክፍሊታት ይግበኦም እዩ። ኣብ መጠን ክፍሊት ናይ 2014 ዓ/ምን 2015 ዓ/ም ዓመት ዕረፍቲ ንክወሃቦም ዝሓተትዎ ዳይነት ብመመልከቲ ብግልፂ ስለዘይተካሓደ ብመሰረት ፍ/ስ/ስ/ሕ/ቑ፡- 83 ከምዝተኣመነ ብምውሳድ መመልከቲ ትካል ን1ይ ተፀዋዒ ጠቕላላ ብር 1,065,576.4 ን2ይ ተፀዋዒ ብር 544,933ን 3ይ ተፀዋዒ ብር 667,269.89 ንክኸፈሎም ካብ ሓምለ 1/2015 ዓ/ም ክሳብ እቲ ውሳነ ዝፍፀም ዘሎ ግዜ ናይ መሃያን ቀሳ ኣበልን ወሰኽ ኣፈላላይ ንክኸፈሎም ተፀዋዕቲ ናይ ዘይተጠቐሙሉ ናይ 2014ን 2015 ዓ/ም ዓመታዊ ዕረፍቲ  ንመመልከቲ ብዘይጐድእ ንክወሃቦም ወፃእን ኪሳራን ናይ ጠበቓ ኣበል ተፀዋዕቲ ብውዕሎም መሰረት ካብቲ ዝተወሰነሎም ጥቕሚ 10%ካልኦት ወፃኢታት ብርትዒ ንሕድሕዶም ብር 2000 መመልከቲ ንክትከኣሎም ውሳነ ኣመሓላሊፉ እዩ። ንውሳነ ወረዳ ቤት ፍርዲ ብምቅዋም መመልከቲ ናይ ይግበኣኒ ቅሬታ ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዝቐረበ እንትኸውን ንቅሬትኡ ብዘይምቕባል ብመሰረት ፍ/ስ/ስ/ሕ/ቑ፡- 337 ንክስረዝ ትእዛዝ ስለዘመሓላለፈ ንውሳነን ትእዛዝን ታሕቶዎት ኣብያተ ፍርዲ ብምቅዋም ብዕለት 07/06/16 ዓ/ም ብዝተፅሓፈ ጥርዓን ናብ ሰበር ምዕራይ መጋባእያ መዝገብ ተመርሚሩ ንክፃረ ዝተነፀረ መቕረቢ ነጥቢ ሱር ኣብያተ ፍርዲ እዚ ናይ መስርሕን ሰራሕተኛን ዝቐረበ ናይ ዘይተኸፈለ ውዝፍ መሃያ ሕቶ ክሲ ተቐቢሎም ኣብዚ ሓዚ እዋን ኣፃርዮም ውሳነ ምሃቦም ምስ ደንቢ ቁፅሪ 4/2016 ዓንቐፅ 11/3 ተገናዚቡ እንትረአ ብኣግባቡ ድዩ ? ኣይኮነን ? ኣብ ዝብል ንጉብጢ የማን ፀጋም ተካታዕቲ ናይ ቃል ክትዕ ንክካየድ ኣብ ዝተቆፀረሉ ዕለት ናይ መመልከቲ ጠበቓን ናይ ተፀዋዕቲ ጠበቓታትን ብዝፀሓፍዎ ጥርዓን መሰረት ተወሳኺ ንጉብጢ ንክተሓዝን እግድ'ውን ንክለዓልን ብቅደም ሰዓብ ብዘቕረብዎ

መሰረት ኣድላይ ዝኾነ ትእዛዝ ንምሃብ ድሕሪ ምቑፃር መዝገብ ተመርሚሩ ሰበር ክትዕን ውሳነን መጋባእያ ኣብቲ ዋኒን ብይርጋ ክእገድ ይግባእ ካብ ዓቅሚ ንላዕሊ ብዝኾነ ምኽንያት ስራሕ ክሰራሕ ስለዘይከኣል ውዝፍ መሃያን ተወሳኺ መሃያን ጥቅማጥቅምን ናይ ጠበቓ ኣበልን ካልኦትን ንኽኽፈል ዝተወሃበ ውሳነ ብተወሳኺ ጭብጢ ንክተሓዝ ዝቐረበን ብሱር ኣብያተ ፍርዲ ዝተፈፀመ መሰረታዊ ዝኾነ ናይ ሕጊ ስሕተት ስለዘየለ ተወሳኺ ጭብጢ ዘትሕዝ ምኽንያት የለን ብምባል ንጥርዓን መመልከቲ ብዘይምቕባል ብመሰረት ፍ/ስ/ስ/ሕ/ቁ፡-337 ንክዕፆ ትእዛዝ ዘመሓላለፈ ኮይኑ፡-ኣብቲ እግድ ኣመልኪቱ ዝቐረበ ጥርዓን ውዝፍ መሃያ ጥራሕ ተኣጊዱ ንክፀንሕን ብተወሳኺ ድማ ከምዚ ዝተትሓዘ ጉዳይ ኣብ መንጎ ኣብያ ፍርዲ ዝረአ ዘሎ ኣፈላላይ ንምዕባብ መገልላይ ዝኾነ ናይ ሕጊ ትርጉም ንክወሃበሉ ብመሰረት ኣዋጅ ቑፅሪ፡-332/2012 ዓንቐፅ 20ን መምርሒ ሰበር መጋባእያ ቑፅሪ፡-1/2013 ዓንቐፅ 29/1/ መምርሒን ክወሃቦ ናብ ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ፕሬዝደንት ብዝተመርሐ መሰረት ንጉዳዩ ዝተወሳሰበ ስለዝኾነን ብሸውዓተ ዳያኑ ተራእዩ መገደዳይ ውሳነ ንክወሃበሉ ብዝተኣዘዘ መሰረት ሸዉዓተ ዳያኑ ኣብ ዝተሰየሙሉ መጋባእያ ናይ የማን ዐጋም ክትዕ ብከምዚ ዝስዕብ ኣግባብ ቀሪቡ እዩ፡፡

ብወገን ናይ መመልከቲ ጠበቓ ዝቐረበ ክትዕ ናይ ሐዚ ተፀዋዕቲ ኣብ ሱር ቤት ፍርዲ ናይ መስርሕን ስራሕተኛን ጉዳይ ክሲ እዮም ኣቕሪቦም፡፡ ካብ ዝሓተትዎ ዓይነት ውዝፍ መሃያ ካብ ሰነ 2013 ዓ/ም ክሳብ ሕዳር 2015 ዓ/ምን ቀዊሉ ዘሎ እዋናትውን ሓቲቶም እዮም፡፡ እዚ ድማ ናይ ትግራይ ኣብ ኩናት እንዳሃለወ ዘይተኸፈለ ውዝፍ መሃያ ይከፈለና ዝብል እዩ፡፡ ናይ ትግራይ መንግስቲ ብዘውፅኦ ደንቢ ቁፅሪ 4/2016 ዓንቀፅ 11 ካብ ጥቅምቲ 13 ክሳብ ሕዳር 2015 ዝሕተቱ ውዝፍ መሃያ ኣብያተ ፍርዲ ተቐቢለን ከየተኣናግዳን ተጀሚሩ ዝፀንሓ ጉዳይ ይኹን ኣፈፃፀም ጠጠው ክብል ደንቢ ኣውፂኡ እዩ፡፡ በዚ መሰረት ናብቲ ታሕቶዎት ኣብያተ ፍርዲ ጥርዓን ኣቕሪብና ኢና እቲ ጉዳይ ጠጠው ንክብልን ናይ መመልከቲ ትካል ናይ ፌደራል ቢሮ እዩ፡፡ በዚ ኩናትውን ኣይተሃሰየን ብዝብል

ምኽንያት ሕቶና ውድቒ ኮይኑ እዩ፡፡ ብይግበኣኒ ኣፍሪስናʼውን ብተመሳሳሊ ወሲኑ እዩ፡፡ ናብዚ ዘቕረብናሉ ምኽንያት ካብቲ ሕጊ መውዕኢ ግዚያዊ ምምሕዳር ዘውዕኦ ካቢኔ እቲ ሕጊ ዝወፀሉ ዕላማ ብዝተስሓሓተ ትርጉም ብምሃብ መሰረታዊ ናይ ሕጊ ስሕተት ተፈፂሙ እዩ፡፡ ምኽንያቱ እቲ ደንቢ ዘመላኽት ነቶም ትካላት ዘይኮነስ ኣብ ትግራይ ንዝርከቡ  ጉዳይ ማለት ውዝፍ መሃያ ዝቐረበሎም ትካላት ይኹን ግለ ሰባት ኣብ ትግራይ ዝርከባ ኣብያተ ፍርዲ ንከየተኣናግዳ ዝወፀ ኮይኑ፣ ዕላምኡ ድማ ንክልልን ፌደራልን ትካላት ብዝብል ዝፈሊ ኣይኮነን ክምኡ ዝብል ናይ ሕጊ ኣወፃፅኣ የለን ስለዚ ውሳነ ታሕታዎት ኣብያተ ፍርዲ ኣግባብነት ስለዘይብሉ መሰረታዊ ናይ ሕጊ ስሕተት ዝተፈፀመሉ ስለዝኮነ ጉዳዩ ደው ኢሉ ንክፀንሕ ይወሰነልና፡፡ እቲ ትካል ጉድኣት ምብፅሑን ዘይምብፅሑን ብመረዳእታ ኣይተረጋገፀን፡፡ ጉድኣት ዝበፅሖ ምኻኑ ክነረድእ ንኽእል ኢና፡፡ ኣብ ዘይተረጋገፀ ውሳነ ምሃብ መሰረታዊ ስሕተት ሕጊ እዩ፡፡ ስለዚ ውሳነ ታሕታዎት ኣብያተ ፍርዲ ተሳዒሩ እቲ ጉዳይ ተኣጊዱ ንክፀንሕ ይወሰነልና ዝብል ሓሳብ ኣቕሪቦም፡፡ ብ2ይ ዝተሰየመ ናይ ተፀዋዕቲ ጠበቓ ክትዕ ደንቢ ቁፅሪ 4/2016 ዓንቀፅ 11/3/ ቅድሚ ኩሉ ዕላምኡ ተፈፃምነቱ ንመን ወፅዩ ዝብል ዝረኣ ዝግበኦ እዩ፡፡ ናይቲ ደንቢ መእተዊ ከም ዝገልፆ ትግራይ ኣብ ልፍንታዊ ናይ ወራር ኩናት ስለዝፀንሐት ካብ ስሩዕ ናይ ሕጊ ኩነታት ንምምላስ ብዝብል ኣገላልፃ ዝጀመረ ኮይኑ፣ ብፍላይ ዓንቀፅ  11/3/ ኣብ መፅነዊን ኩናትን ወራርን ዝፀንሐት ስለዝኾነት ኣብቲ ናይ ኩናት እዋን ኣብ ትግራይ ዝፀንሐ ውልቃውን መንግስታዊን ትካላት ዕንወትን ጉሕለትን ስለ ዝበፅሐን መሊስን እግሪ ንክተክላ ዝተረኸበ በጀት ናይተን ትካላት ግና ከይተቋቆማ መፈፀሚ ፍርዲ ንክትኸውን ዓላማ ዝነበረ እዩ፡፡ ካብ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ክሳብ ሕዳር 30/2015 ዓ/ም ዘሎ ውዝፍ መሃያ ሕቶ ጠጠው ንክብላ ደንጊጉ እዩ፡፡ በዚ መሰረት መመልከቲ ትግራይ ኣብ ኩናትን ወራርን ኣብ ዝነበረትሉ እዋን ኣብ ስሩዕ ስርሑ ዝነበረ በቲ ኩናት ብኣንፃር ኣታዊ ዘይተጎድኣን ልዑል መትረፉይ ኮይኑ ቀንዲ ፍልፍል ናይ ፋይናንስ ዝነበረ ትካል እዩ፡፡ በቲ ኩናት ከም ዝተጎድኣ ኣምሲሉ በቲ ደንቢ ተጠቃሚ ክኸውን

ኣይኽእልን ፡፡ ደንቢ 4/2016 ብካብኔ ግዚያዊ ትግራይ ዝወፀ እዩ፡፡ ፌደራል ኣዋጅ 359/2003 ዓንቀፅ 15 ምስ ደንቢ ቁፅሪ 533/2015 ዓንቀፅ 5/1/ ብጣምራ ክንበቡ ከለውን ግዚያዊ ካቢኔ ምምሕዳር ትግራይ ዘለዎ ስልጣንን ተግባርን ኣብ ውሽጢ ክልል ዘለው ፈፀምቲ ኣካላት ጥራሕ ብዝምልከት ዝመርሕ ዝውድብን ዝቆፃፀርን ከምኡ'ውን ውሳነ ክሕልፍ ከም ዝኽእል ይድንግግ፡፡ በዚ መሰረት ካቢኔ ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ንመመልከቲ ኣብ ትሕትኡ ዝቆፃፀር ወይ ድማ ውሳነ ኣንፈትን ዘሕልፈሉ ትካል ኣይኮነን፡፡ ነዚ ብዝጠናኸር እቲ ደንቢ ቁፅሪ 4/2016 ዓንቀፅ 11/3/ ዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲ ኣብ ውሽጢ 6ተ ወርሒ ኣፅኒዖም መፍትሒ ክሳብ ዝገብረሉ ውዙፍ መሃያ ዝምልከት ጠጠው ኢሉ ንክፀንሕ ደንጊጉ እዩ፡፡ በዚ መሰረት ካብኔ ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣብ ከም ናይ መመልከቲ ዝበሉ ትካላት ዕንዓት ክገብርን ዉሳነ ክሕልፍን ኣይኽእልን፡፡ ምኽንያቱ እዚ ካብኔ ነቶም ትካላት ኣይቆፃፀርን ኣንፈት ኣይህብን ሕገ-መንግስቲ ፌደራል ዓንቀፅ 51/9/13/ ቴሌኮም ዝምልከት ይቆፃፀር የመሓዳድር ብዝብል ተቐሚጡ እዩ፡፡ስለዚ ካብኔ ምምሕዳር ትግራይ ኣብ ዘይቆፃፀሮም ትካላት ውሳነ ክሕልፍ ደንቢ ክውዕእ ኣይኽእልን፡፡ እዚ ድማ እቲ ደንቢ ኣብ ልዕልና ተፈፃምነት ዝህልወሉ ናይ ሕጊ ምኽንያት የለን፡፡ ደንቢ ቁፅሪ 4/2016 ዓንቀፅ 4 ኣብ ክልልን ኣብ ክልል ዝነብር ክብላ ከሎ ተሓሳቢ ዝገብር ብፍ/ሕ/ቁ 183 መደበኛ ነባራይ ወይ እዩ ዝሓስብ፡፡ በዚ መሰረት መመልከቲ ንምጥያሽ ዝወፀ ደንቢ ቁፅሪ 197/2003 ዓንቀፅ 4 ዋና ቤት ፅሕፈት መመልከቲ ትካል ኣዲስ ኣበባ እዩ ልብል ብግልፂ ኣቐሚጡ እዩ፡፡ ካብዚ ድንጋገ ምርዳእ ዝከኣል መደበኛ መንበሪ ናይ መመልከቲ ካብ ትግራይ ወፃኢ እዩ፡፡ ካብ ሱር ክሲ እዚ ሰበር መጋባእያ ዘካትዐና ዘሎ ዋና ቤት ፅሕፈት እዩ፡፡ ስለዚ ደንቢ 4መመልከቲ ተጠቃሚ ክኸውን ኣይግበኦን ሕገ-መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 9/1/ ዝኾነ ሕጊ ንሕገ መንግስቲ ዝፃባእ እንተኮይኑ ተፈፃምነት ከምዘይብሉን ኩሎም መሓውራት መንግስቲ ነዚ ናይ ምእራም ግቡእ ከምዘለዎን ይድንግግ፡፡ ዓንቀፅ 37 ሕገ-መንግስቲ'ውን ፍትሒ ናይ ምርካብ መሰል ከምዘለዎም ዝድንግግ ኮይኑ እዚ ቤት ፍርዲ ነዚ ደንቢ ምስ ሕገ መንግስቲ

ኣጠዓዒሙ ክትርጉም ከምዘለዎ ዝድንግግ ኮይኑ ደንበ. ቁፅሪ 4/2016 ዓንቀፅ 11/3/ ናይ ተፀዋዕቲ መሰል ፍትሒ ናይ ምርካብ ዘፃብብ ስለዝኾነ ተፈፃምነት ክህልዎ ኣይግባእን ሰ·ር ኣብያተ ፍርዲ'ውን መመልከቲ ብካብኔ ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣንፈት ዝወሃቡን ዝቆፃፀር ትካል ስለዘይኮነን ጉድኣት እውን በቲ ኩናት ስለዘይበፅሖ ክትዕ ይቐፅል ኢሎም ዝሃብዎ ውሳነ ብፍ/ስ/ስ/ሕ/ቑ 348/1/ ክፀንዐልና፡፡ ንቢሮ ፍትሒ ክልል ትግራይ ነቲ ደንበ. ዘርቐቑ ስለዝኾኑን ትክክልኛ ፍትሒ ንምሃብ እቲ ሓሳብ ናይቲ ሕጊ መውፅኢ. ዝነበረ ብኣካል ወይ ብዕሉፍ መልሲ ንክህቡ እንተዝእዘዝ ብምባል ክትዖም ዝዛዘሙ እንትኾኑ ብተወሳኺ ብ1ይ ጠበቓ ተፀዋዕቲ ዝቐረበ ክትዕ መመልከቲ ዝተመስረተሉ ደንበ. ቑፅሪ 197/2010 ዓንቀፅ 2/2/ መመልከቲ ንኣዋጅ ናይ መንግስቲ ልምዓት ትካላት መመስረቲ ኣዋጅ ቁፅሪ 25/1992 እዩ ዝግዛእ ብዝብላ ተቐሚጡ እዩ ፡፡ ኣብዚ ኣዋጅ ኣብ ትርጉም ክፍሊ መንግስቲ ዝብላ ትርጉም እንተቅምጥ ፌደራል መንግስቲ እዩ ዝብላ ፡፡ እዚ ማለት ድማ ቁፅዕርን ምሕደርኡን ምስ ፌደራል ትካል እዩ ፡፡ ስለዚ ብግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዝወፀ ደንበ. ነዚ ትካል ገዛኢ ክኸውን ኣይኽኣላን ፡፡ ናይቲ ደንበ. ዕላማ እውን ነቲ ትካል ንምምሕዳር ዝወፀ ከምዘይኮነ እዩ ፡፡ ውሳነ ሰ·ር ኣብያተ ፍርዲ ብኣግባቡ ስለዝኾነ ንክፀንዐሎም ተኻቲዖም እዮም ፡፡ እቲ ደንበ. ዝወፀሉ ዕላማ ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ ውዝፍ መሃያ ዝምልከት እንክይርኣ ናይ 6ተ ወርሒ ዝኣክል እዩ ዝእዘዝ እምበር ናይ ፌደራልን ክልልን ዝብል ብዝፈሊ ኣይኮነን፡፡ እዚ ዝወፀሉ ዕላ ብኩናት ዝተሃሰየ ክልል እዩ፡፡ ኣብ ክልል ዝርከባን ናይ ፌደራልን ግለ ሰባትን ዝተሃሰዩ እዩ ብዝብል እዩ ፡፡ ጠቕላላ ኣብ ትግራይ ዝርከባ ትካላት ተሃሰየን እየን ካብ ዝብል ዕላማ ዝወፀ እዩ ፡፡ ዕላምኡ ድማ ነናብ ዝነበርዎ ንክምለሳ ብምሕሳብ እዩ ፡፡ ግለ ሰባት ሕድሕድ ክፃረ ኣይኽእልን ነገር ግን ንኩሉ ዘማእኽለ ዝወፀ ሕጊ እዩ ፡፡ እቶም ብተፀዋዕቲ ጠበቓታት ዝቐረበ ኣብ ስልጣን መፅዩ ምስዚ ጉዳይ ተዛማድነት የብሉን ፡፡ መመልከቲ ትካል ሰሜን ሪጅን ኣብ መቐለ ዝርከብ ኣብ ትግራይ ምሉእ ሰራሕተኛ ዘንቐሳቕስ እዩ ፡፡ ብካሊእ ጉዳይ ብዝተገበረ ምዕራይ ኣብ ዓመት ልዕሊ 3 ቢልዮን

ኣታዊ ዝነበሮ ኣብ 3ተ ዓመት 21 ሚልዮን እዩ ኣታዊ ረኺቡ ፡፡ ናይቲ ደንቢ ዕላማ ግልፂ እዩ ፡፡ ግልፂ ኣብዘይኾነሉ ድማ ኣብያተ ፍርዲ ንክትርጉማ ሕገ-መንግስቲ ስልጣን ኣለወን ካሊእ ትካል የለን ፡፡ እቲ ደንቢ ምስ ሕገ-መንግስቲ ዝጓነፅ እንተኾይኑ ጥራሕ ካብ ቤት ፍርዲ ወፃኢ ትርጉም ብሕገ መንግስታዊ መፃረይ ኮምሽን ብምቕራብ እዩ ዝትርጎም ፡፡ ደንቢ ቍፅሪ 4/2016 ክወፅእ ከሎ ዝተትሓዘ ፅሑፍ እንተሃልዩ እንተዝቐርብ ተቓዉሞ የብለይን ፡፡ ብግለ ሰብ ደረጃ ግን ዝነበረ ሓሳብ ናይቲ ሕጊ መውፅኢ ክቐርብ የብሉን ፡፡ በቲ ጥርዓና መሰረት ይወሰነልና ብምባል ክትየም ፃዚሞም ፡፡ ናይቲ መዝገብ ኣመፃፅኣ ነዚ ዝመስል ኮይኑን እዚ ሰበር ክትዕን ውሳነን መጋባእያ ምስቲ ንክፃረ ዝተትሓዘ መቕረቢ ነጥብን ሕግን መሰረት ብምግባር መርሚርዎ ኣሎ፡፡

ከም ዝመርመርናዮ ደንቢ ቑፅሪ 4/2016 ዓንቐፅ 11/5/ ካብ ጥቅምቲ 24/2013 ክሳብ ሕዳር 30/2015 ዓ/ም ዘሎ ውዝፍ መሃያ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ፦ ዉልቀ ትካልን ውልቀ ሰብን ዝምልከት ሓዱሽ ዋኒን ክሲ ምትእንጋድ ተኣጊዱ ይፀንሕ ብተመሳሳሊ ኣብ ከይዲ ክስን ይግበኣኒን ኣፈፃፅማን ዝርከቡ ዋኒናት ክሳብ ዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲ ተፀኒዑ መፍትሒ ዝግበረሉ ኣብ ዘለውዎ ደው ኢሎም ይፀንሑ ብምባል ተሓጊጉ ዝርከብ ኮይኑን ኣብ ዓንቐፅ ኣርባዕተ ድማ ወሰን ተፈፃምነት በቲ ደንቢ.ን ኣብ ክልልን ኣብ ክልል ዝነብር ዝኾነ ሰብን ተፈፃሚ ከም ዝኸውን ብምቅፃል ኣብ ዓንቐፅ 2/9/ ሰብ ማለት ተፈጥሮኣዊ ሰብ ወይ ብሕጊ መሰል ሰብነት ዝተውሃበ ኣካል እዩ ዝብል ትርጉም ተዋሂቡዎ ይርከብ ፡፡ ደንቢ ቑፅሪ 4/2016 ካብ ሕግታት ህፁፅ እዋን ናብ ስሩዕ ሕጊ ንምምላስ ዝወፀ መሰጋገሪ ደንቢ ከምዝኾነ ካብ ስሩዕ ሕገ- መንግስቲያዊ ስርዓት ንምምላስን ውዕሊ ሰላም ፕሪቶሪያ ንምጥንኻር ክሕግዝ ዝኽእል ስጉምቲ ንምውሳድ ዝዓለመ ከም ዝኾነን ካብቲ መእተዊ ናይቲ ደንቢ ንምግንዛብ ይክኣል ፡፡ ብመሰረት ፍ/ሕ/ቁ 183 ናይ ሓደ ሰብ መደበኛ ቦታ ማለት እቲ ሰብ ብነባርነት ዓይነት ኣብቲ ቦታ ብምንባር ሓሳብ ናይ ጉዳያቱን ጥቅሙን ቀንዲ ስፍራ ዝገበሮ ቦታ እዩ ብምባል ተሓጊጉ ይርከብ ፡፡ ኣብ ዓንቐፅ 186 ናይቲ ፍታብሄር ሕጊን ዝኾነ ሰብ ብሓደ ግዜ ብዙሕ

መደበኛ ቦታ ክህልዎ ከምዘይኽእል ብመገደዳይነት ተቐሚጡ ይርከብ :: ብመሰረት ሕገ-መንግስቲ ኢ.ፌ.ድ.ሪ ዓንቀፅ 51/9/ ኣብ ናይ ፌደራል መንግስቲ ስልጣንን ተግባርን ዝብል ኣርእስቲ ናይ ኣየርን ባቡርን ናይ ባሕሪ መጓዓዓዚን ናይ ፖስታን ቴሌኮሚኒኬሽን ኣገልግሎታት ከምኡ'ውን ክልል ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ክልላት ዘራኽቡ ዋና መንግድታት የስፋሕፍሕን የመሓድር ይቆፃፀር ብዝብል ተሓጊጉ እዩ :: ኣብ ሕገ-መንግስታዊ ኢፌዴሪ ብዛዕባ ስልጣን ኣካላት ኣመሰራርታ ዝምልከት ኣብ ዓንቀፅ 50/8/ ናይ ፌደራል መንግስትን ክልላትን ስልጣን በቲ ሕገ-መንግስቲ ተወሲኑ እዩ:: ንፌደራል መንግስቲ ዝተውሃቦ ስልጣን ብክልላትን ፣ ክልላት ዝተውሃበን ስልጣን ድማ ብፌደራል መንግስቲ ክኽበር ኣለዎ ብዝብል መገደዳይ ብዝኾነ መንገዲ ተደንጊጉ ይርከብ:: ኣብ ዓንቀፅ 52/2//ሐ/ድማ ናይ ክልል ዝኾነ ኢኮኖሚ ናይ ማሕበራዊ ልምዓት ፖሊሲን ስትራቴጅን ትልሚ ዘውፅእን የፈፅም ብምባል ተሓጊጉ እዩ :: ብመሰረት እዚ ናብ ዝሐዝናዮ ጉዳይ ክንምለስ ከለና ኣብ መንጎ ተኻታዕቲ ወገናት ዘካትዕ ዘሎ ጉዳይ ናይ መስርሕን ሰራሕተኛን ኮይኑ ተፀዋዕቲ ኣብ ልዕሊ መመልከቲ ትካል ብዝመስረትዎ ክሲ ናይ 17 ኣዋርሕ ውዝፍ መሃያን ጥቅማጥቅምን ንክኽፈሎም ዳይነት ዝሓተተ እንትኾነ ብመመልከቲ ትካል ዝተልዓለ ክትዖምን ደንቢ ቁፅሪ 4/2016 ዓንቐፅ 11/3/ ካብ ጥቅምቲ 24/2013 ክሳብ ሕዳር 30/2015 ዓ/ም ዘሎ ውዝፍ መሃያ ተኣጊዱ ንክፀንሕ ስለዝደንገገ ጉዳዩ ጠጠው ክብል እዩ ዝግባእ ዝብል እዩ ::

ደንቢ ቑፅሪ 4/2016 ዓንቐፅ ኣርባዕተ ወሰን ተፈፃምነቱ ኣብ ከመይ ዝኣመሰለ ትካላት እዩም ዝብል ሕቶ ዕልባት ክረክብ ዝግበእ ጉዳይ ኮይኑ ተረኺቡ ኣሎ:: እዚ ክሲ ዝቐረበሉ ትካል ብናይ ፌደራል መንግስቲ ዝመሓደርን ቁፅፅር ዝግበረሉን ድዩ ኣይኮነን ዝብል ካብቲ ልዕል ክብል ዝተጠቐሰ ናይ ሕገ መንግስቲ ድንጋገ ዓንቀፅ 51/9/ ምግንዛብ ዝከኣል ቴሌኮሙኒኬሽን ኣብ ትሕቲ ፌደራል መንግስቲ ስልጣንን ተግባርን ዝወድቕን ብፌደራል መንግስቲ ዝመሓደርን ቁፅፅር ዝግበረሉን ከምዝኾነ እዩ:: ክልል መንግስቲ እውን ብዛዕባ ፖሊስን ስትራቴጅን ትልሚ ከም ዘውፅእን ዘፈፅምን ምኻኑ ካብቲ ሕገ መንግስቲ ዓንቀፅ 52/2/ ንምርዳእ ይካኣል ::

ካብዚ ናይ ሕገ- መንግስቲ ኣመሰራርታ ምግንዛብ ዝከኣል ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት መንግስቲ ኣብ ተግባር ንምውዓል ዝዓለመ እንተኾውን ኣብ ፌደራል ስርዓተ መንግስቲ ናይ ሕጊ ኣወፃፅኣ ስርዓት ድማ ንፌደራል ክልልን ተባሂሉ ተፈልዩ ነናይ ባዕሎም ዝተወሃበ እዩ፡፡ ብተወሳኺ ካብዚ ወፃኢ ዘሎ ንክልቲኦም መንግስትታት ዘይተወሃበ እንተኾይኑ ንክልል ከም ዝተውሃበ እዩ ዘቅምጥ ፡፡ ኣብዚ ዝተትሓዘ ናይ መስርሕን ሰራሕተኛን ጉዳይ ናይ ፌደራል ስልጣን ምኳኑ ኣብ ሕገ- መንግስቲ ዓንቀፅ 55/3/ ብግልፂ ተቐሚጡ እዩ ፡፡ ስለዝኾነ እዚ ናይ ክልል መንግስቲ ኣብ ልዕሊ ንፌደራል መንግስቲ ብግልፂ ዝተውሃበ ስልጣን ሕጊ ከውፅኣሉ ይኽእል እዩ ተባሂሉ ኣይግመትን ፡፡ ናብ ዝሓዝናዮ ጉዳይ እንተንምለስ ኣብቲ ደንቢ ዓንቐፅ 11/3/ ካብ ክልሉ ወፃኢ ንዝኾኑ ንናይ ፌደራል ትካላት በዚ ክልል ሕጊ ከውፅኣሎም እዩ ኢሉካ ዝሕስብ ኣይኮነን፡፡ መመልከቲ ድማ ከምቲ ልዕል ክብል ዝተገለፀ ካብቶም ናይ ፌደራል ዓበይቲ ዝበሃሉ ትካላት ሓደ ኮይኑን ብቤት ምኽሪ ሚኒስተራት ፌደራል ዝተጣየሸን ተፀዋዕነቱን ቑፅዕሩን'ውን ንፌደራል እምበር በዚ ክልል መንግስቲ ሕጊ ዝወፀሉን ክቆፃፀርን ዝከታተሎን ዘይምኳኑ ግልፂ እዩ ፡፡ ካብዚ ተበጊሱና ዝወፀ ደንቢ ቁፅሪ 4/2016 ዓንቀፅ 11/3/ ተፈፃምነቱ ኣብዚ ናይ መመልከቲ ትካል እዉን ዝሽፍን እዩ ዝብል ናይ መመልከቲ ክትዕ ተቐባልነት ዘለዎ ኮይኑ ኣይተረኽበን ስለዝኾነ ድማ ናይቲ ደንቢ ዕላማ ናብ ስሩዕ ሕገ-መንግስታዊ ስርዓት ንምምላስ ብቤት ምኽሪ ካቢኔ ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዝወፀ ስለዝኾነ ብፌደራል መንግስቲ ንዝመሓደርን ቁፅዕርን ክትትልን ዝግበረሉን ትካል ብናይ ክልል ደንቢ ዝሸፈነሉ ናይ ሕገ- መንግስታዊ ኣመሰራርታን መስርሕን ዝፈቕድ ብዘይምኳኑን መመልከቲ ድማ ዝተመስረተሉን ሕጋዊ ሰብነት ዝረኸበሉን ኣብ ናይ ፌደራል መንግስቲ ስለዝኾነ እቲ ደንቢ ናይ ትግራይ መንግስቲ ኣብ ዘመሓድሮምን ዝቆፃፀሮምን ሕጋዊ ሰብነት ኣብዚ ክልል ንዝረኸቡ ትካላትን እዩ ፡፡ ተፈፃምነቱ እምበር ብፌደራል መንግስቲ ንዝመሓደሩን ቁፅፅር ንዝግበረሎም ትካላት ዝምልከት ኣይኮነን ብምኽንያት ድሕሪ ውዕሊ ሰላም ፕሪቶሪያ ናብ ስሩዕ ሕገ- መንግስታዊ ስርዓት ንምምላስ ዕላማ ዝገበረን ስለዝኾነን

ክልል ንናይ ፌደራል ፌደራል ድማ ንናይ ክልል ሕጊ ምውፃእ ዘይክእልን ተኸባቢሮም ንክነብሩን እዩ ፡፡ ስለዚ ታሕተዎት ኣብያተ ፍርዲ እቲ ኣብ መንጐ ተኸታዕቲ ወገናት ዝቐረበ ክትዕ ናይ መስርሕን ሰራሕተኛን ጉዳይ ብመሰረት ደንቢ ቁፅሪ 4/2016 ዓንቀፅ 11/3/ ንመመልከቲ ትካል ኣይምልከትን ብምባል ኣካቲዖም ዉሳነ ምትሕልላፎም ሕገ- መንግስታዊ መሰረት ዘለዎን መሰረታዊ ዝኾነ ናይ ሕጊ ስሕተት ዝተፈፀመሉ ኮይኑ ስለዘይተረኸበ ክፀንዕ ዝግብኦ እዩ ተባሂሉ ተፈሪዱ ኣሎ፡፡

## ው ሳ ነ

1. ወረዳ ቤት ፍርዲ ክፍለ ከተማ ቀዳማይ ወያነ ኣብ መ/ቁ፡-18485 ብዕለት 21/05/16 ዓ/ም ዝሃቦ ውሳነ ናይ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣብ መ/ቑ 03/2016/1270 ብዕለት 07/06/16 ዓ/ም ዝሃቦ ትእዛዝን ብመሰረት ፍ/ስ/ስ/ሕ/ቑ፡-348/1/ ፀኒዑ ኣሎ ፡፡
2. ብዛዕባ ወፃእን ኪሳራን ብመመልከቲ ትካል ዝተሓተተ ዳይነት ክሳብ ዘይረተዐ ተሓሊፉ ኣሎ ፡፡
3. እዚ ውሳነ ሎሚ ዕለት 17/08/16 ዓ/ም ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ሰበር ክትዕን ውሳነን መጋባእያ ኣብ ከተማ መቐለ ዝተሰየመ መጋባእያ ብሙሉእ ድምፂ ተወሲኑ ኣሎ፡፡

## ት እ ዛ ዝ

1. ኣብ ውዙፍ መሃያ ኣመልኪቱ ካብ ሓምለ 14/2013 ዓ/ም ክሳብ ሕዳር 30/2015 ዓ/ም ተኣጊዱ ዝነበረ እግድ ንክለዓል ተኣዚዙ ኣሎ ፡፡
2. እዚ ሰበር መጋባእያ ዝሃቦ ትርጉም ሕጊ ኣብ ተመሳሳሊ ዋኒን ኣብ ልዕሊ ኩሎም ብርክታት ዝርከቡ ኣብያተ ፍርዲ መገደዳይነት ውፅኢት ንክህልዎ ብዝተፈላለዩ

መንገድታት ወይ ድማ ብታሕትዎት ንኩሉ ብርኪ ኣብያተ ፍርዲ ንክበፅሕ ተኣዚዙ ኣሎ፡፡

3. መዝገቡ ዕልባት ስለዝረኸበ ናብ ቤተ መዛግብቲ ይመለስ፡፡

*ዘይንበብ ናይ 7$^{ኛ}$ ዳያኑ ፊርማ ኣለዎ ፡፡*

ስ/ት/ቅ/ገነት

ዕለት፦29/08/2016 ዓ/ም

ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ
THE GOVERNMENT OF THE NATIONAL STATE OF TIGRAY SUPREME COURT

ዕለት፡ 22/09/2016 ዓ/ም
Date:
ቁፅሪ: 01/5ወ/430/16
Ref.No:

**ናብ ኩለን ማእኸላይን ምድብ መጋባእያታትን ኣብያተ ፍርዲ ትግራይ**

**ኣብ ዘለዋኦ**

ናይ____________________ ምድብ መጋባእያ ብፅሒት

ዋኒኑ ፡- ብዛዕባ ብመጋባእያ ሰበር ላ/ቤት ፍርዲ ዝተወሃበ መገደዳይ ትርጉም ሕጊ ምልኣኽ ይምልከት

መጋባእያ ሰበር ክልል ትግራይ ብኣዋጅ ቁፅሪ 332/2012 ዓንቀፅ 20 (1, 2) ን ብዝተዋህበ ስልጣን መሰረት መገደዳይ ትርጉም ሕጊ ከም ዝህብ ዝፍለጥ እዩ፡፡ በዚ መሰረት ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ሰበር መጋባእያ ኣብ መ/ቁ. 01/2016-1426 ዝሃቦ መገደዳይ ትርጉም ሕጊ ምስ እዚ መሰነይታ 8 ገፅ ዝተልኣኽልኩም ምኻኑ ፊሊጥኩም ኣብ ትሕቲኹም ንዝርከባ መጋባእያታት ወረዳ ኣብያተ ፍርዲ እውን ፎቶ ኮፒ እናገበርኩም ንኽትልእኩለን የተሓሳስብ፡፡

// ምስ ሰላምታ //

ዶ/ር ፀጋይ ብርሃነ ገ/ተኽለ
ፕሬዚደንት
Tsegai Berhane Ghebretekle (PhD)
President

**ቅዳሕ፡-**

✓ ንመጋባእያታት ላ/ቤትፍርዲ

**መቐለ**

ሰ/መ/ቑ 01/2016/1426

ዕለት 17/08/2016 ዓ/ም

ዳያኑ.-

ዶ/ር ፀጋይ ብርሃነ

ረ/ፕ ገ/ኣምላክ የዕብዮ

በየነ ወ/ስላሴ

ኣረፋ ገ/የሱስ

ሙሉጌታ ኪዳነ

ልእልቲ ገ/ትንሳኤ

ሃይለ ታደሰ

ኣመልካቲ.- ኢ.ትዮ ቴሌኮም

ጠበቃ፡- ኣይተ ኣሰፋው ብርሃኑ - ቀሪቦም

ተፀዋዕቲ.- 1ይ ኣይተ ኣሰፋ ሓድሽ

2ይ ኣይተ ሕሉፍ ሓጐስ

3ይ ወ/ሮ ኣብረሁት ንጉስ

4ይ ኣይተ ኤፍሬም ማርቆስ

5ይ ኣይተ ብርሃኑ ሓጐስ

6ይ ኣይተ ክ/ማርያም ወ/ማርያም

7ይ ኣይተ ጠዓመ ባይራይ

8ይ ኣይተ ፍፁምብርሃን ገብሩ

9ይ ኣይተ ወ/ኣብ ዮሃንስ

10ይ ኣይተ ሃይሉ መሓሪ

ስ/ት/ቅ
ዮናስ/ገ
24/08/2016

11ኛ ኣይተ ሃይሉ ታደሰ

12ተ ኣይተ ተስፋይ መሓሪ

13ተ ኣይተ ታደሰ ገ/መድህን

14ተ ወ/ሮ ፍቅርተ ክንፈ

15ተ ወ/ሮ መዓዛ ሃይሉ

16ተ ኣይተ ጊደና ግርማይ

17ተ ኣይተ ሙሉየ መናሰቦ

18ተ ኣይተ ሙሉጌታ ተስፋይ

19ተ ኣይተ ሚዛን ገብረሰላማ

20 ኣይተ መኣርግ በየነ

ጠበቃታት፡- 1ይ ኣይተ ያሬድ ተካ

2ይ ኣይተ ተስፋኣለም ጎሊ

መዝገብ ተመርሚሩ ዝስዕብ ፍርዲ ተዋሂቡ ኣሎ፡፡

## ፍ ር ዲ

እዚ ጉዳይ መስርሕን ሰራሕተኛን ክትዕ ኮይኑ ሰር ከሰስቲ ናይ ሐዚ ተፀዋዕቲ፣ ሰር ተኸሳሲ ድማ ናይ ሐዚ መመልከቲ ትካል ብምኳን ብዘካየድዎ ክትዕ መሰረት መመልከቲ ንተፀዋዕቲ ጠቅላላ ብር 13,495,311 /ዓሰርተ ሰለስተ ሚልዮንን ኣርባዕተ ሚኢቲን ቴስዓን ሓሙሽተን ሽሕን ሰለስተ ሚኢቲን ዓሰርተ ሓደ ቅርሽን/ ንክኸፍል ናይ ክ/ከተማ ቀዳማይ ወያነ ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣብ መ/ቁ 18448 ብዕለት 06/05/16 ዓ/ም ዝሃቦ ውሳነ ማኸላይ ቤት ፍርዲ ከተማ መቀለ ብይግበኣኒ ምስቀረበሉ ኣብ መ/ቁ 03/2016/1091 ብዕለት 30/05/16 ዓ/ም ኣብ ዝወዓሎ መጋባእያ መዝገብ ብመሰረት ፍ/ስ/ስ/ሕ/ቁ 337 ንክሰረዝ ትእዛዝ ስለዘመሓላለፈ ናይ ሐዚ መመልከቲ ብዕለት 04/06/16 ዓ/ም ብጠበቅኡ ኣቢሉ ብዝተፃሕፈ ጥርዓን ናብ ሰበር ምዕራይ መጋባእያ ንውሳነን ትእዛዝን ታሕተዎት ኣብያተ ፍርዲ ብምቅዋም መሰረታዊ ናይ ሕጊ ስሕተት ተፈፂሙሉ እዩ ብምባል ዝቀረበ እዩ፡፡

ስ/ት/ቁ
ዮናስ/ገ
24/08/2016

ክትዑ ብፈላማይ ብርኪ ዝተጀመረ ኣብ ክፍለ ከተማ ቀዳማይ ወያነ ወረዳ ቤት ፍርዲ እንተኸውን ሱር ከሰስቲ ናይ ሐዚ ተፀዋዕቲ ኣብ ልዕሊ ሱር ተኸሳሲ ናይ ሐዚ መመልከቲ ዝቀረበ ክሲ ሓፂር ትሕዝትኡ ሰሪሕና ዘይተኸፈለና ካብ 14 ሓምለ 2013 ክሳብ 13 ታሕሳስ 2015 ዓ/ም ናይ 17 ኣዋርሕ ውዝፍ መሃያ፣ ናይ መጋዓዝያ ኣበል ክፍሊት ናይ 17 ኣዋርሕን ናይ 17 ኣዋርሕ ናይ ገዛ ክራይ ክፍሊት፣ ናይ 17 ኣዋርሕ ቆላ ኣበል፣ ኣብ ነባር መሃያ ናይ 25% ወሰኽ መሃያ ስለዝተገበረ ካብ ሓምለ 1/2014ዓ/ም ክሳብ ሰነ 30/2015 ዓ/ም ናይ 12 ኣዋርሕ ወሰኽ መሃያን ቆላ ኣበል ኣፈላላይን ናይ 2014 ዓ/ም ቦነስ ናይ ክልተ ወርሒ፣ ካብ ሓምለ 1/2015 ዓ/ም ክሳብ እዚ ክትዕ መዕለቢ ረኺቡ ዝፍፀመሉ ናይ ዘሎ እዋን ናይ መሃያ ወሰኽን ናይ ቆላ ኣበልን ኣፈላላይ ንክኽፈሎምን ከምኡ ድማ ናይ 2014 ዓ/ምን 2015 ዓ/ም ዓመት ዕረፍቲ ስለዘይተውሃበና ብዓይነት ይወሃበና ብምባል ናይ ሕድሕዶም መጠን መሃያ ብምቅማጥ ንክኽፈሎምን ናይ ጠበቃ ኣበል 10% ካልኦት ወፃእን ኪሳራን ንክኽፈሎም ዳይነት ሓቲቶም እዮም፡፡

ብመመልከቲ ዝቀረበ መልሲ ናይ ቀዳማይ ብርኪ መቃወሚ ዝሓዘ ኮይኑ ንሱ ድማ ዝቀረበ ክሲ ብመሰረት ቅፅ 6 ሰ/መ/ቁ 31217 ናይ 6ተ ወርሒ ይርጋ ዘመን ዝሓለፎ እዩ፡፡ ኣብዋና ጉዳይ ድማ ብመሰረት ኣዋጅ ቁፅሪ 1156/2/ ዓንቀፅ 18/5/፣ 17/1/፣ ፍ/ሕ/ቁ 1792/1/ ምስ 1793/መ/ ኣብ ከባቢ ሰሜን ተፈጢሩ ብዝነበረ ኩናት ተኸሳሲ ትካል ኣብቲ ሪጅን ንዝርከቡ ሰራሕተኛታት ንምሕላው ውዕሊ ስራሕ ከይተቋረፀ ብምትራፍ ርክብ መስርሕን ሰራሕተኛን ከቅፅል ክኢሉ እዩ፡፡ መሃያ ዝኸፈል ንዝተሰርሐ ስራሕ ስለዝኾነን ከይሰርሑ ዝተረፉ ብትካና ጥፍኣት ስለዘይኮነ ከምዚ ዓይነት ልዕሊ ዓቕሚ ዝኾነ ምኽንያት ኣብ ዘጋጠመ እዋን ብሕጊ ዝተውሃበ መሰል ተጠቂሙ ስራሕ ዘይምቁራፀ ንዘይተሰርሐ መሃያ ንክኽፈል ግቡእ ዘውድቀሉ ናይ ሕጊ ኣግባብ የለን፡፡ ኣብቲ ሪጅን ኩናት ብምንባሩ መስረሓይ ስራሕ ዘይምሃቡ ሰራሕተኛታት እውን ስራሕ ከምዘይሰርሑ ግልፂ እንዳሃለወ ንዘይተሰርሐ ስራሕ ናይ 17 ኣዋርሕ መሃያ ይከፈለና\ ዝብል ዝቀረበ ክሲ ተቀባልነት የብሉን ውድቂ ይኹነልና፡፡ ኣብ 2014 ዓ/ም ዝተገበረ ወሰኽ መሃያን ክፍሊት ቦነስን ቅድሚ ወሰኽ መሃያ፣ ወሰኽ መሃያ ኣብ ዝተሓተተሉ እዋን ዝተኸፈለ ወይ ክክፍል ዝግባእ መሃያ ክህሊ ይግባእ፡፡ ወሰኽ መሃያ ካብ ዝካየደሉ ምኽንያት ሰራሕተኛታት ንዝገበርዎ ኣስተዋፅኦ ኣብ ግምት ብምእታው ንቕድሚት መፍረይነቶም ንክውስኽ ንምትብባዕ ኮይኑ ስራሕ ብዘይምንባሩ ዝኸፈል መሃያ ስለዘየለ ንወሰኽ መሃያ መበገሲ ዝኾነ ነገር የለን፡፡ ቦነስ ዝኽፈል መኽሰባይ ውፅኢት ስለዘምፅኡ ናቲ ትርፊ ተጠቃማይ ንክኾኑ

ሰ/ት/ቅ
ዮናስ/ገ
24/08/2016

እዩ፡፡ ኣብ ቅፅ 12 ሰ/መ/ቁ 20869 መግደዳይ ትርጉም ስለለዝተውሃበ፣ ዝቀረበ ሕቶ ቦነለ ውድቂ ይኩነልና፡፡ ብሓፈሻ ዝተሓተተ ዳይነት ናይ ተኸሳሲ ስራሕ ተቛሪፁ ኣብ ዝነበረሉ ለለዝኾነ ንዘይተለርሐ ስራሕ እቶም ክፍሊታት ዝኸፈልሉ ናይ ሕጊ ኣግባብ ስለዘየለ ምለ ብቁዕ ኪሳራ ተኸሳሲ ብነፃ ንክለናበት ይወለነለይ ዝብል እዩ፡፡

ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣብቲ ዝቀረበ ናይ ቀዳማይ ብርኪ መቃወሚያ ድሕሪ ናይ ከለስቲ ሓሳብ ምለማን ኣብያተ ፍርዲ ትግራይ ዋኒን መለርሕን ለራሕተኛን ንምርኣይ ኣብ ስራሕ ስለዘይነበራ ከለለቲ መለሎም ዘኽብርሉ ዕድል ለለዘይነበረ ብይርጋ ኣይተኣገደን ብምባል ብብይን ድሕሪ ምሕላፉ ኣብ ዋና ጉዳይ ኣካቲዑ ጭብጢ እውን ነጊሩ ናይ የማን ፀጋም ተካታዕቲ ዝቀረቡ ናይ ለባት ምለክራትን ናይ ፅሑፍ መርትዖን መለረት ብምግባር ኩሎም ከለስቲ ኣብቲ ናይ ክሲ እዋን ኣብ ለራሕ ከምዝነበሩ ስራሕ እውን ከምዘይተቋረፀ ብዝነበረ ዓቅሚ ኩሉ ለራሕተኛ ለርሑ ከምዝፈፀሙን ብፍረነገር ደረጃ ለለዝተረጋገፀ ከለለቲ ካብ ዕለት 14/11/13 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 13/04/15 ዓ/ም ኣብ ለራሕ ለለዝነበሩ ናይ 17 ኣዋርሕ ውዙፍ መሃያ፣ ናይ 17 ኣዋርሕ መጓዓዝያ ኣበል ክፍሊት፣ ናይ 17 ኣዋርሕ ናይ ገዛ ክራይ ክፍሊትን ናይ 17 ኣዋርሕ ናይ ቆላ ኣበል ክፍሊትን ንመበል 11ደን፣12ተ፣13ን 17ን ተፀዋዕቲ ድማ ናይ 17 ኣዋርሕ ናይ ሱፐርቫዘር ክፍሊት ንክኸፈሎም ብተወሳኺ ድማ ካብ ሓምለ 1/2014 ዓ/ም ኣብ ነባር መሃያ 25% ወለኽ መሃያ መመልከቲ ትካል ንተፀዋዕቲ ክኸፈሎምን ካብ ሓምለ 1/2014 ዓ/ም ክሳብ 30 ለነ 2015 ዓ/ም ዘሎ ናይ 12 ኣዋርሕ ናይ ወለኽ መሃያ ኣፈላላይን ናይ መሃያ ወለኽ ለዒቡ ዝወፀ ናይ ቆላ ኣበል ወለኽ ኣፈላላይ ተፀዋዕቲ ኣብ ክሶም ብዝገለፅዎ መጠን ገንዘብ ንክኽፈሎም ካብ ሓምለ 1/2015 ዓ/ም ክሳብ ውሳነ ዝፍፀም ዘሎ እዋን መመልከቲ ንሕድሕድ ተፀዋዕቲ ወለኽ መሃያን ለዒቡ ዝመፅእ ናይ ቆላ ኣበል ኣፈላላይ ንክኽፍሉ ናይ 2014 ዓ/ም በጀት ዓመት ናይ 2ተ ወርሒ መሃያ ቦነለ ክፍሊት ሕድሕድ ተፀዋዒ ኣብ ክሱ ብዝገለፆ መጠን ገንዘብ ክኽፈል ዓመት ዕረፍቲ ሕድሕድ ተፀዋዒ ናይ 2014 ዓ/ም ናይ 2015 ዓ/ም መመልከቲ ትካልን ለራሕ ብዘይፃባእ መልክዑ ብዓይነት ንክወሃቦም ውሳነ ኣመሓላሊፉ እዩ፡፡

መመልከቲ ትካል ንውሳነ ወረዳ ቤት ፍርዲ ንምቅዋም ናይ ይግበኣኒ ቅሬታ ናብ ከተማ መቀለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዘቕረበ እንተኸውን ንቅሬትኦም ብዘይምቅባል መዝገብ ብመለረት ፍ/ለ/ለ/ሕ/ቁ 337 ንክለረዝ ትእዛዝ ለለዘመሓላለፈ ንውሳነን ትእዛዝን ሱር ኣብያተ ፍርዲ ብምቅዋም ብዕለት 04/06/16 ዓ/ም ዝተዕሓፈ ጥርዓን ናብ ለበር ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ምፅራይ መጋባያ መዝገብ ተመርሚሩ ንክፃረ ዝተትሓዘ

ሰ/ት/ቅ
ዮናስ/ገ
24/08/2016

መቕረቢ ነጥቢ ድማ ታሕተዎት ኣብያተ ፍርዲ ንደምቢ ቁፅሪ 4/2016 ዓቀፅ 13/3/ ተመሓላሊፎም ዝሃብዎ ውሳነን ትእዛዝን ሕጋውነቱ ንምምርማር የቅርብ ተባሂሉ የማን ፀጋም ተኻታዕቲ ናይ ቃል ክትዕ ንምኽያድ ኣብ ዝተቆፀረሉ ዕለት ናይ መመልከቲ ጠበቓን ናይ ተፀዋዕቲ ጠበቓታትን ብዝፀሓፍዎ ጥርዓን መሰረት ተወሳኺ ጭብጢ ንክተሓዝን እግድ እውን ንክለዓልን ብቕድም ሰዓብ ብዘቕረብዎ መሰረት መዝገብ ተመርሚሩ ኣብቲ ዋኒኑ ብይርጋ ክእገድ ይግባእ ካብ ዓቅሚ ንላዕሊ ብዝኾነ ምኽንያት ስራሕ ንምስራሕ ስለዘይተኸኣለ ውዙፍ መሃያ ተወሳኺ መሃያ ጥቕማጥቕምን ናይ ጠበቓ ኣበልን ካልኦትን ንክኽፈል ዝተውሃበ ውሳነ ብተወሳኺ ጭብጢ ንክተሓዝ ዝቀረበ ብሰር ኣብያተ ፍርዲ ዝተፈፀመ መሰረታዊ ናይ ሕጊ ስሕተት የብሉን ተባሂሉ እቲ ዝቀረበ ናይ ተወሳኺ ጭብጢ ምትሓዝ ሕቶ ዝተነፀገ ኮይኑ ኣብቲ ዝቀረበ ናይ እግድ ይለዓለልና ዝብል ጥርዓን ድማ ውዙፍ መሃያ ጥራሕ ተኣጊዱ ንክፀንሕ እዚ ጉዳይ ኣብ መገደዳይ ዝኾነ ናይ ሕጊ ትርጉም ንክወሃበሉ ብመሰረት ኣዋጅ ቁፅሪ 332/2012 ዓቀፅ 20 ከምኡ እውን ብመምርሒ ሰበር መጋባእያ ቁፅሪ 1/2013 ዓቀፅ 29/1/ መምርሒ ንክወሃበሉ ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ፕሬዝዳንት ንክምራሕ ብዝተኣዘዘ መሰረት ፕሬዝዳንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ድማ ብዕለት 04/08/16 ዓ/ም ጉዳዩ ዝተወሳሰበ ስለዝኾነ ብሸውዓተ ዳያኑ ተራእዩ መገደዳይ ውሳነ ንክወሃበሉ ብዝተውሃበ ትእዛዝ መሰረት ናይ የማን ፀጋም ተኻታዕቲ ክትዕ ብሸውዓተ ዳያኑ ኣብ ዝተሰየምናሉ መጋባእያ ክትዕ ንክቕዕሉ ኣብ ዝተሓተተሉ እውን ናይ የማን ፀጋም ተኻታዕቲ ጠበቓታት በቲ ኣብ መ/ቁ 1433 ዘስፈርናዮ ክትዕ ይተሓዘልና ክብሉ ሓሳብ ስለዘቕረቡ ኣብ መ/ቁ 01/2016-1433 ዝተኻየደ ቃል ክትዕ ኣብዚ መዝገብ እዚ ክተሓዝ ተገይሩ ኣሎ፡፡

ናይቲ መዝገብ ኣመፃፅኣ ነዚ ዝመስል ኮይኑ እዚ ሰበር ክትዕን ውሳነን መጋባእያን ምስቲ ንክፃረ ዝተትሓዘ መቕረቢ ነጥብን ሕግን መሰረት ብምግባር መርሚርናዮ ኣለና፡፡ ከምዝመርመርናዮ ደንቢ ቁፅሪ 4/2016 ዓንቀፅ 11/3/ ካብ ጥቅምቲ 24/2013 ዓ/ም ክሳብ ሕዳር 30/2015 ዓ/ም ዘሎ ውዙፍ መሃያ ሰራሕተኛታት መንግስቲ፣ ውልቀ ትካልን ውልቀ ሰብን ዝምልከት ሓድሽ ዋኒን ክሲ ምትእንጋድ ተኣጊዱ ይፀንሕ ብተመሳሳሊ ኣብ ከይዲ ክሲ ይግበኣኒን ኣፈፃፅማን ዝርከቡ ዋኒናት ክሳብ ዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲ ተፀኒዑ መፍትሒ ዝግበረሉ ኣብ ዘለውዎ ደው ኢሎም ይፀንሑ ብምባል ተሓጊጉ ዝርከብ ኮይኑ ኣብ ዓንቀፅ ኣርባዕተ ድማ ወሰን ተፈፃምነቱ ኣብ ክልልን ኣብ ክልል ዝነብር ዝኾነ ሰብን ተፈፃሚ ከምዝኸውን እንትቕመጥ ቀፂሉ እውን

ስ/ት/ቅ
ዮናስ/ገ
24/08/2016

ኣብ ዓንቀፅ 2/9/ ሰብ ማለት ተፈጥሮኣዊ ሰብ ወይ ብሕጊ መሰል ሰብነት ዝተውሃበ ኣካል እዩ ብምባል ትርጉም ተዋሂብዎ እዩ፡፡

ደንቢ ቁፅሪ 4/2016 ካብ ሕግታት ህፁፅ እዋን ናብ ስሩዕ ሕጊ ንምምላስ ዝወፀ መሰጋገሪ ደንቢ ክምዝኾነ ናብ ስሩዕ ሕገ-መንግስታዊ ስርዓት ንምምላስን ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ንምትንኻርን ክሕግዝ ዝኽእል ስጉምቲ ንምውሳድ ዝዓለመ ክምዝኾነን ካብቲ መእተዊ ንምግንዛብ ዝከኣል እዩ፡፡

ብመሰረት ፍ/ሕ/ቁ 183 ናይ ሓደ ሰብ መደበኛ ቦታ ማለት እቲ ሰብ ብንባራይነት ኣብቲ ቦታ ብምግባር ሓሳብ ናይ ጉዳዩን ጥቅሙን ቀንዲ ስፍራ ዝገበሮ ቦታ እዩ ብምባል ተሓጊጉ ዝርከብ ኮይኑ ኣብ ዓንቀፅ 186 ናቲ ፍ/ሕጊ ዝኾነ ሰብ ብሓደ ጊዜ ብዙሕ መደበኛ ቦታ ክህልዎ ክምዘይኽእል ብመገደዳይነት ተቀሚጡ እዩ፡፡

ብመሰረት ሕገ-መንግስቲ ኢ.ፌ.ድ.ሪ ዓንቀፅ 51/9/ ኣብ ናይ ፌደራል መንግስቲ ስልጣንን ተግባርን ዝብል ኣርእስቲ ናይ ኣየር፣ ባቡር፣ ናይ ባሕሪ መጓጓዝ፣ ናይ ፖስታን ቴሌኮሙኒኬሽን ኣገልግሎታትን ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ክልላት ዝራኸቡ ዋና መንገድታት የሰፋሕፍሑን የመሓርን ይቆፃፀርን ብምባል ተሓጊጉ እዩ፡፡ ብዛዕባ ስልጣን ኣካላት ኣመሰራርታ ኣመልኪቱ ኣብ ዓንቀፅ 50/8/ ናይ ፌደራል መንግስትን ክልላትን ስልጣን በቲ ሕገ-መንግስቲ ተወሲኑ እዩ፡፡ ንፌደራል መንግስቲ ዝተውሃበ ስልጣን ብክልላትን ንክልላት ዝተውሃበን ስልጣን ድማ ብፌደራል መንግስቲ ክኽበር ክምዘለዎ ብመገደዳይነት መንገዲ ተቀሚጡ ዝርከብ ኮይኑ ኣብ ዓንቀፅ 52/2/ሐ/ ድማ ናይ ክልሉ ዝኾነ ኢኮኖሚ ናይ ማሕበራዊ ልምዓት ፖሊሲ፣ ስትራቴጅን ትልሚ የውፅእ የፈፅም ብምባል ተደንጊጉ እዩ፡፡

ብመሰረት እዚ ናብ ዝሓዝናዮ ጉዳይ ክንምለስ ክለና ኣብ ሞንጎ ተኻታዕቲ ወገናት መካትዒ ጉዳይ ብዛዕባ ናይ መስርሕን ሰራሕተኛን ኮይኑ ተፀዋዕቲ ኣብ ልዕሊ መመልከቲ ትካል ዝመስረትዎ ክሲ ናይ 17 ኣዋርሐ ውዝፍ መሃያን ጥቅማጥቅምን ንክኽፈሎም ዳይነት ዝሓተቱ እንትኾኑ ብመመልከቲ ትካል ዝተልዓለ ክትዕ ድማ ደንቢ ቁፅሪ 4/2016 ዓንቀፅ 11/3/ ካብ ጥቅምቲ 24/2013 ክሳብ ሕዳር 30/2015 ዓ/ም ዝለዎ ውዙፍ መሃያ ተኣጊዱ ንክፀንሕ ስለዝድንግግ ጉዳዩ ጠጠው ክብል እዩ ዝግባእ ዝብል እዩ፡፡ ደንቢ ቁፅሪ 4/2016 ዓንቀፅ ኣርባዕተ ውሳነ ተፈፃምነቱ ኣበይ እዩ? ዝብል ዕልባት ክረክብ ዝግበኦ እዩ፡፡

ሰ/ት/ቅ
የናስ/ገ
24/08/2016

እቲ ክሲ ዝቀረበሉ ትካል ብናይ ፌደራል መንግስቲ ዝመሓደርን ቁፅፅር ዝግበረሉን ድዩ?ኣይኮነን? ዝብል ካቲ ናይ ሕገ-መንግስቲ ዓቀፅ 51/9/ ምግንዛብ ዝከኣል ቴሌኮሙኒኬሽን ኣብ ትሕቲ ናይ ፌደራል መንግስቲ ስልጣንን ተግባርን ዝወድቅን ብፌደራል መንግስቲ ዝመሓደርን ቁፅፅር እውን ዝግበረሉን ምኳኑ እዩ ክልል መንግስቲ ድማ ብዛዕባ ናይ ክልሉ ዝምልከት ናይ ኢኮኖሚን ማበራዊ ልምዓት ፖሊስን ስትራቴጅን ትልሚ ከምዘውፅእን ዘፈፅምን ምኳኑ ካብቲ ሕገመንግስቲ ዓንቀፅ 52/2/ ንምርዳእ ዝከኣል እንትኾውን ካብቲ ኣመስራርታ ናይቲ ሕገመንግስቲ እንትንብገስ ፌዴራላዊ ዴሞክራስያዊ ስርዓት መንግስቲ ኣብ ተግባር ንምውዓል ዝዓለመ እንትኾውን ኣብ ፌዴራላዊ ስርዓት መንግስቲ ናይ ሕጊ ኣወፃፅኣ ስርዓት ድማ ንፌዴራልን ክልልን ተባሂሉ ተፈልዩ ነናይ ባዕሎም ዝተውሃበ እዩ፡፡ ብተወሳኺ ካብዚ ወፃኢ ዘሎ ንክልቲኦም መንግስታት ዘይተውሃበ እንተኾይኑ ድማ ንክልል ከምዝተውሃበ እዩ ዘቀምጥ፡፡

ኣብዚ ዝተትሓዘ ጉዳይ መስርሕን ስራሕተኛን ናይ ፌዴራል ስልጣን ምኳኑ ኣብ ሕገ-መንግስቲ ዓንቀፅ 55/3/ ብግልፂ ተቀሚጡ እዩ፡፡ ስለዝኾነ እዚ ናይ ክልል መንግስቲ ኣብ ልዕሊ ናይ ፌዴራል መንግስቲ ብግልፂ ዝተውሃበ ስልጣን ሕጊ ከውፅእሉ ይኽእል እዩ ተባሂሉ ኣይግመትን፡፡

ናብ ዝሓዝናዮ ጉዳይ እንትንምለስ ኣብቲ ደንቢ ዓቀፅ 11/3/ ካብ ክልሉ ወፃኢ ንዝኾኑ ንናይ ፌዴራል ትካላት በዚ ክልል ሕጊ ክወፅሎም እዩ ኢልካ ዝሕስብ ኣይኮነን መመልከቲ ትካል ድማ ከምቲ ልዕል ክብል ዝተገለፀ ካብቶም ናይ ፌዴራል ዓበይቲ ዝበሃሉ ትካላት ሓደ ኮይኑ ብቤት ምኽሪ ሚኒስተራት ፌዴራል ዝተጣየሸን ተፀዋዕነቱን ቁፅፅሩን እውን ንፌዴራል እምበር በዚ ክልል መንግስቲ ሕጊ ዘውፅሉን ዝቆፃፀሮን ዝከታተሎን ዘይምኳኑ ግልፂ እዩ፡፡ ካብዚ ብምብጋስ ብትግራይ ዝወፀ ደንቢ ቁፅሪ 4/2016 ዓንቀፅ 11/3/ ተፈፃምነቱ ኣብዚ ናይ መመልከቲ ትካል እውን ዝሸፍን እዩ ዝብል ናይ መመልከቲ ክትዕ ተቀባልነት ዘለዎ ኾይኑ ኣይተረኽበን፡፡

ስለዝኾነ ድማ ናይቲ ደንቢ ዕላማ ናብ ስሩዕ ሕገ-መንግስታዊ ስርዓት ንምምላስ ብቤት ምኽሪ ካቢኔ ግዜያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዝወፀ ስለዝኾነ ብፌዴራል መንግስቲ ንዝመሓደርን ቁፅፅርን ክትትልን ዝገብረሉን ትካል ብናይ ክልል ደንቢ ዝሸፈነሉ ናይ ሕገ-መንግስቲ ኣመስራርታን መስርሕን ዝፈቅድ ብዘይምኳኑን መመልከቲ ትካል ድማ ዝተመስረተሉን ሕጋዊ ሰብነት ዝረኸበሉን ኣብ ናይ ፌዴራል መንግስቲ ስለዝኾነ እቲ ደንቢ ናይ ትግራይ መንግስቲ ኣብ ዘመሓደሮምን ዝቆፃፀሮምን ሕጋዊ ሰብነት ኣብዚ

ሰ/ት/ቅ
ዮናስ/ገ
24/08/2016

ሰ/መ/ቁ 01/2016/1426

ክልል ንዝረኽቡ ትካላትን እዩ ተፈፃምነቱ እምበር ብፌደራል መንግስቲ ንዝመሓዳደሩን ቁፅፅር ንዝግበረሎም ትካላት ዝምልከት ኣይኮነን፡፡ ምኽንያቱ ድሕሪ ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ናብ ስሩዕ ሕገ-መንግስታዊ ስርዓት ንምምላ ዕላማ ዝገበረን ብምኽኑ ክልል ንናይ ፌዴራል፣ ፌደራል ድማ ንናይ ክልል ሕጊ ምውዓእ ዘይከኣልን ተኸባቢሮም ንክነብሩን እዩ፡፡ ስለዚ ታሕተዎት ኣብያተ ፍርዲ እቲ ኣብ ሞንጎ ተኻታዕቲ ወገናት ዝቀረበ ክትዕ ናይ መስርሕን ስራሕተኛን ጉዳይ ብመሰረት ደንቢ ቁፅሪ 4/2016 ዓንቀፅ 11/3/ ንመመልከቲ ትካል ኣይምልከትን ብምባል ኣካቲያም ውሳነ ምትሕልላፎም ሕገ-መንግስታዊ መሰረት ዝገበረን መሰረታዊ ዝኾነ ናይ ሕጊ ስሕተት ስለዘይተፈፀመሉን ክፀንዕ ዝግበአ እዩ ተባሂሉ ተፈሪዱ ኣሎ፡፡

## ው ሳ ነ

1. ክፍለ ከተማ ቀዳማይ ወያነ ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣብ መ/ቁ 18448 ብዕለት 06/05/16 ዓ/ም ዝሃቦ ውሳነን ከተማ መቀለ ማኽላይ ቤት ፍርዲ ኣብ መ/ቁ 03/2016/1091 ብዕለት 30/05/16 ዓ/ም ዝሃቦ ትእዛዝን ብመሰረት ፍ/ስ/ስ/ሕ/ቁ 348/1/ ፀኒዑ ኣሎ፡፡
2. ብመመልከቲ ትካል ዝተሓተተ ናይ ወፃኢ ኪሳራን ዳይነት ስለዘይረትዐ ተሓሊፉ ኣሎ፡፡
3. እዚ ውሳነ ሎሚ ዕለት 17/08/16 ዓ/ም ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ሰበር ክትዕን ውሳነን መጋባእያ ኣብ ከተማ መቀለ ዝተሰየመ መጋባእያ ብሙሉእ ድምፂ ተወሲኑ ኣሎ፡፡

## ት እ ዛ ዝ

1. እቲ ኣብ መዝገብ ቁፅሪ 1433 ብየማን ፀጋም ተኻታዕቲ ኣብዚ መጋባእያ ዘካየድዎ ናይ ቃል ክትዕ ኣካል እዚ መዝገብ ኮይኑ ንክትሓሓዝ ተኣዚዙ ኣሎ፡፡
2. ኣብ ውዙፍ መሃያ ኣመልኪቱ ካብ ሓምለ 14/2013 ዓ/ም ክሳብ ሕዳር 30/2015 ዓ/ም ተኣጊዱ ዝነበረ ኣዋጅ ተላዒሉ ኣሎ፡፡
3. እዚ ሰበር መጋባእያ ዝሃቦ ትርጉም ሕጊ ኣብ ተመሳሳሊ ዋኒን ኣብ ልዕሊ ኩሎም ብርክታት ዝርከቡ ኣብያተ ፍርዲ መገደዳይነት ውፅኢት ንክህልው ብዝተፈላለዩ መንገድታት ወይ ድማ ብሕትመት ንኩሉ ብርኪ ኣብያተ ፍርዲ ንክበፅሕ ተኣዚዙ ኣሎ፡፡
4. መዝገቡ ዕልባት ስለዝረኸበ ናብ ቤተመዛግብቲ ይመለስ፡፡

ዘይንበብ ናይ 7ተ ዳያኑ ፌርማ ኣለዎ።

ስ/ት/ቅ
ዮናስ/ገ
24/08/2016